# <u>መበል 35 ዓመት ለካቲት 11 ልደት ህወሓት ኣብ በይ ኤርያ ብድመቀት ተኸቢሩ</u>

ሳን-ሆዜ ካሊፎርንያ፦ እቲ ብፌብሪዋሪ 27, 2010 ኣብ ከተማ ሳን-ሆዜ ዝተኸበረ ባዓል ለካቲተ 11 ፤ ብርክት ዝበሉ ካብ ከተማታት ሳን-ፍራንሲስኮ ፣ ኦክላንድን ሳን-ሆዜን ከባቢኡን ዝተኣኻኸቡ ተጋሩን ካልኦት ደገፍቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ኣብ ዝተረኸብሉ እዩ።

ቅድሚ ስሩዕ ፕሮግራም ምጅማሩ ፣ መዘናግዒ ኣጋይሽ ተባሂሎም ካብ ዝቐረቡ ምድላዋት ሓደ ፣ ምንቅስቃስ ኣባላት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ በይ ኤርያ ዝገልፅ ልዕሊ 20 ዓመታት ዘቑፀረ ቪድዮታት ናይ ብዙሓት ቀልቢ ዝመሰጠን ንካልኦት ድማ ንብዓት ዘንፀገን ተርእዮ ኔሩ።

እቲ ባዓል ዝተጀመረ ናይ እንኳዕ ዳሓን መፃኹም መልእኽቲ ካብ መዳለውቲ እቲ ባዓል ብምቕዳም እንትኸዉን ፤ ቀፂሉ ድማ ንመበል 35 ዓመት ምስረታ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ለካቲት 11 ምኽንያት ብምግባር ካብ ማእኸላይ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ (ማተሰኣ) ዝተልኣኸ መግለፂ ተነቢቡ።

እቲ መግለፂ ከምዝሓበሮ ፣ ህዝቢ ትግራይ ንዘይፍትሓዊ ቢሂራውን ደርባውን ወፅዓታት ርእሱ ኣድኒኑ ተቐቢልዎ ከምዘይፈልጥ ፤ ቅድም እንትብል ብጀጋኑ ወለድና ዝተመዝገበ ናይ ቀዳማይ ወያነ ታሪኽ ፤ ድሕር እንትብል ድማ እምነት ዝተመልኦ ናይ 17 መሪር ቃልሲ ኣካይዱ ብመሪሕ ውድቡ እናተመርሐ ክንዲ ደርጊ ዝኣክል ፀላኢ ኣወጊዱ።

ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ድማ ፣ ምስ ተመሳሳላይ ዕላማ ዘለዎም ካልኦት ኢትዮጵያውያን ወገናቱ ብምትሕብባር ፤ ቢሂርን ቢሂረሰባትን ኢትዮጵያ ማዕርነቶም ዘረጋግፅሉ ሕገ-መንግስቲ ኣቐሙ ፤ ኢትዮጵያውያን ናይ ሰላም ፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ተረባሕቲ ዝኾንሉ በሪ ከፊቱ እንሆ ናይ ኩለ-መዳያዊ ልምዓት ስራሕቲ እናሳለጠ ፤ ኣብ ድሮ 4ይ ሃገራዊ መረፃ ኮይኑ መበል 35 ልደት ህወሓት እናኸበረ ይርከብ።

እቲ መግለፂ ኣተሓሒዙ ፣ ተረኺቡ ዘሎ ክቡር ዋጋ ዝተኸፈሎ ናይ ሰላም ፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ለውጥታት ንምዝራግ መልከዖም እናቐያየሩ ዝመፁ ሓይልታት ማተሰኣ ኣትሪሩ ከም ዝቃለሶምን ፤ ተጋሩ ሓድነቶም ኣጠናኺሮም ፤ ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ወገናቶም ኢድ-ንኢድ ተታሒዞም ድኽነትን ድሕረትን ንኽቃለሱ ማተሰኣ ፃውዒት ኣቕሪቡ።

ብምቕፃል ፣ መዳለወቲ ናይቲ ባዓል ንኹሎም ነባራት ኣባላት ማተሰኣ በይ ኤርያ ንዝገበርዎ ነዊሕ “ቃልሲ ኣብ ወፃኢ” ልባዊ ምስጋና ኣቕሪቦም። ወዮ ዳኣ ንመን ሂብካ ንመን ትገድፍ ኮይኑ እምበር ፤ ካብ ምስጋና ዝሓለፈ ሽልማት እውን ከምዝግበኦም ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም መናእሰይ መዳለውቲ ናይቲ ባዓል ፣ ዝተውሃቦም ሕድሪ ተቐቢሎም ዕላማታት ለካቲት 11 ኣብ ምርግጋፅ ዝካኣሎም ኩሉ ክገብሩ በቲ ኣጋጣሚ ቃል ኣትዮም።

ቀፂሎም መድረኽ ዝተረከቡ ዉርያት ኣርቲስታት ኣበበ ኣርኣያን ፀጋዛኣብ ገብረስላሴን ከምኡ ድማ ብኽእለቶም ዝና ዘትረፉ ኪቦርዲስት ብርሃነ ኪዳነን ቤዝ ጊታሪስት ከበደ ደሞዝን እዮም።

መቓልሕ ገሊ ብዜማታቱ ኣብ ምግዋሕ ዓብይ ተፈላጥነት ዘትርፈ ተጋዳላይ ኣርቲስት ኣበበ ኣርኣያ እቲ መድርኽ ዝመሰሶ ብ "ቢሄራዊ ልደት ትንሳኤ ሙታን …" እትብል ናይ ስውእ ኣርቲስት ተጋዳላይ እያሱ በርሀ ደርፊ ኔሩ፡ ኣበበ በቲ ሕላውል ድምፁ ነቲ ዜማ ከጋውሖ ምስ ጀመረ ፧ ዝካኣል እንተዝኾንስ ምናልባት ንሰማይ ኣስሚዑ እያሱ ንምብርባር ዝዓለም ይመስል ኢልካ ንምግማት እውን ዘኽእል እዩ፡፡ ኣበበ ቀፂሉ ድማ "ካዓ ጀመረ ወያነ ትግራይ ክላዓል በለ" እናበል ናይ ኣጋይሽ ቀልቢ ንድሕሪት መሊሱ ሕሉፍ ብረታዊ ቃልሲ ንኽዝክሩ ገይሩ። እተን ኣብ ርእሲ ብዙሕ ህዝቢ ዝድውላ ደርፍታቱ ፣ "ተጋደላይ" ፣ "ኣይርሰዐክን ዓደይ"ን ካልኦት ወያናይ ዜማታትን እውን ኣስዒቡ ደሪፉ እዩ ኣበበ።

ብምቕፃል ፣ አርቲስታት ኣበበን ፀጋዛኣብን ፣ ኣብ ኢዶም ዝበርሀ ሽምዓታት ዝዓተሩ ሰገናት ኣብ ጎኖም አሰሊፍም "ዘይንድይቦ ጎቦ ዘይንሰግሮ ሩባ" እትብል ናይ ክልል ትግራይ ቢሄራዊ መዝሙር እውን ዘሚሮም።

ሙዚቀኛ ከበደ ደሞዝ ብዙሕ ዝፍለጥ ቤዝ ጊታር እንትፃወት እምበር ድምፃዊ ብምኳኑ ኣይኮነን ፧ ሞት ኣርቲስት ተጋደላይ እያሱ በርሀ ግን ናይ ብዙሓት ስምዒት ስለ ዝተንከፈ ፧ ሙዚቀኛ ከበደ ደሞዝ እውን ስምዒቱ ንምግላፅ ፧ ብኣርቲስት ኣታኽልቲ ኣማረ ዝተፅሓፈት "ኣታ እንታይ እዩ ዘስመዐና ዘሎ?" እትብል መዝሙር ዜምኡ ኣዋዲዱ ክዝምር ክኢሎ እዩ።

ኣርቲስት ፀጋዛኣብ ድማ በቲ ጥዑም ቃንኡ ጌሩ ብባህላዊ ዜማታት ኣጋይሽ ሲስ ከብል ሓዲሩ። መቸም ከምቱ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ናይ ኣርቲስት ተጋደላይ እያሱ በርሀ ሞት ንብዙሓት እዩ ተንኪፉ። ስለዝኾነ 'ዉን 'ዩ ኣርቲስት ፀጋዛኣብ ቀልቢ ሰማዒ ብዝማርኽ ንእያሱ እትምልከት ግጥሙ ሒዙ ኣብ መድረኽ ከንጎድጉድ ዝተሰምዐ።

ኣብ መወዳእታ ፣ መበል 35 ዓመት ለካቲት 11 ኣብ በይ ኤርያ ደሚቑ ክባዓል ዝተፈላለዩ ተሳትፎታት ንዝገበሩ ኩሎም ወገናት ፧ ልባዊ ምስጋና ይብፃሓዮም።

**ዕላማ ሰማእታትና ንዘልኣለም ህያው እዩ!!**
ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ - በይ ኤርያ ቻፕተር
ማርች 03, 2010
በይ ኤርያ - ካሊፎርንያ

ንርኢቶን ሓበሬታን ብ UTNAbayarea@gmail.com ርኸቡና።